# ኣንታ ንመን ክሕሾ

ከብድኻ መሊኡ ዝባንካ እንተዘይቆረረ
ጥማራት ደሊብካ ጁባኻ እንተሃጠረ
ልብኻ" ዶ ወዲቖልካ ወትሩ ሹቕረራ
ሓለትካ ስግኣት ሸለብ-ገለብ ናብራ

ሞሶብ ኣዴኻ እንድዩ ጥዑም ቁራስ እንጀራ ምስ ቅሳነት
ሃገርካ ዩ ሃገርካ ዓድኻ" ዩ ክብረት
ኤሩ ከላትካ እታ ለዋህ መሬት
ሑሉፍካ እባ ዘክር ሓራም ብኡነት

ምኻንካ ፈሊጦም ዘይትነጽፍ ጸጋኣ
ኣብ ዝሃለኻ ሃሊኻ ትምሕል ብኣኣ
ላሕኩታቶም ዘርጊ እቶም ንፋስ ቀልቀል
ዘርኢ ኣናብስ እንዲኻ ሓድጊ ነኸስቲ ኣብ መትከል

ንዝርገት ሓድነትካ "ስመር" ኣጠሚቖም
ኣብ እግሪ ኣባይካ ሰጊዶም ክድዓት ሪዕሞም
ጽያፎም ዘይከተቱ ብቅልውላው መንነት ዝተላዕጠጡ
"ኤርትራዊ እየ "በሎም ንትካቦ ዘንቀላውጡ

እወ፣ንመን ክሕሾ !
ወዲ ዛ ሰንደቕ ደም ኣያታትካ ዘጠጥዓ
ወዲዛ ሕፍርቲ ኣኽሊል ሰማእታትካ ሞባኣ
ንስኻ እንዲኻ ወራሲኣ ፣ደጎላ ኩን ጽኑዕ ዋልታኣ

ሃገርካ እንድያ እዛ ሃገር ኤርትራዊ ምኻንካ ይፍለጡ
ህርፋን ጸባኦም ጋጉድ ማይ ይጨልጡ
ኣብ ሓድነትካ ጽናዕ ሕጂ ውን ከም ወትሩ
ኣጆኻ!ጎበዛይ ኣስኑ! መርከብ ጀጋኑኻ ማዕሙቕ ዩ ኣንከሩ

እዋን መኸተን ብድሆን ልምዓትን ዩ እዋኑ
ኣለናልኩም በሎም ሰማእታትካ ክቖስኑ
ንመን ክሕሾ ዳኣ ብዋጋኻ ንዝሻመዉ
ኣብ ኤርትራውነትካ ንኽስ ሓሕ በሎም ነቶም ዝጃጀዉ

ኣሸናፊ ኣብራሃም( ኣሼ)